ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ንቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ ወረዳ ቃፍታ ሑመራ ኣብ 2011ዓ/ም በጀት ዓመት ብድጎማ ካብ ዝተረከበ በጀት ሎት 1 ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ሎት 2 ውፅኢት ኣቅሑት ቢሮ ዝኮኑ ንክዕድገሎም ብዝሓተቱና መሰረት ካብ ሕጋውያን መቅረብቲ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ግዝኢት ክፍፅም ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 15, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 21, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ቃፍታ ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 21, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/

1 በቲ ዘፈር ናይዚ ዘበን ዝተሓደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዋና ምስ ዘይምለስ ቅዳሕ ከቅርብ ዝክእል፤

2. ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለዩ ቁፅሪ ዘለዎን መረዳእታ ዘቕርብን፤

3. ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይድማ ቫት ተመዝጋቢ ዝኮነን ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘቕረብኩምሉ መረዳእታ ዘቕርብን ፤

4. በቲ ዘፈር ዝተሐደሰ መቅረባይነት ካርድ ከቅርብ ዝክእል

5 ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ንሎት 1 ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ 3000.00 ሽሕ ቅርሺ ፣ ሎት 2 ውፅኢት ኣቅሑት ቢሮ 3000.00 ሽሕ ቅርሺ ብሲፒኦ ወይ ድማ ብጥረ ገንዝብ ከትሕዝ ዝክእል፤

6 እዚ ጨረታ ካብ 06/09/2011ዓ/ም ክሳብ 20/09/2011ዓ/ም ኣብ ኣየር ይፀንሕ፣

7 እዚ ጨረታ 21/09/2011 ዓም ሰዓት 3:00 ተዓሺጉ በቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ይክፈት።

8 ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ቁፅሪ 01 ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ይከኣል ፤

9 ተወዳደርቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሓወሰን ዘይሓወሰን ምኻኑ መብርሂ ክትህብሉ ይግባእ። መብርሂ እንተዘይተገይርዎ ዝተመልእ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝሓወሰ ርዱእ ይግበር።

10 ናይ ዝግዛእ አቅሓ ከምአድላይነቱ ክሳብ 20% ናይ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ መሰል አለና ፤

11 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ 35 መዓልቲ እዩ።

13 እቲ ንብረት ማለት ንሎት 1 ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ፣ ንሎት 2 ኣብ ውሽጢ 25 መዓልቲ ዘሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጋዓዚ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ከቅርብ ኣለዎ፡

14 ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344-480183/ ብምድዋል ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle